ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**
**INORMATION & CULTURAL OFFICE**
ensf.info@gmail.com

# ኣብ ኤርትራ ሓያል ድርቅን ጥምየትን ዓጸቦን የንጸላሉ ኣሎ !!

## ምእንቲ ሃገር ዝተቓለሳ ሓርበኛታት ኣብ ጎደናታት ይልምና ኣለዋ !!

ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ኤርትራ፣ ሓያል ድርቅን ጥምየትን ዓጸቦን የንጸላሉ ምህላዉ ምንጪታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤትራ ካብ ውሽጢ ሃገር ዝላኣኽዎ ጸብጻብ ሓቢሩ። ብሰንኪ'ዚ ሕሱም ሃለዋት'ዚ፣ ኣብ ልዕሊ ህጻናትን ኣዴታትን ሽማግለታትን ሕማምን ሞትን ኣብ ዝራኣየሉ ዘሎ እዋን፣ ስርዓት ህግደፍ፣ ነዚ ሓደገኛ ኩነታት'ዚ ንምግጣም፣ ግቡእ ጻዕሪ ከም ዘካየደ እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ። ካብ'ቶም ብዓጸቦን ብጥምየትን ተጠቒዖም ዘለዉ ቀንዲ ቦታታት፣ ንኡስ ዞባታት ኣዶብሓን፡መንሱራን፡ዛራን፡ዓረዛን፡ ገለዕሎን፡ ሞልቅን፡ ጾሮናን፡ ሃበሮን፡ ማይ ምነን ኢዮም። ስርዓት ህግደፍ፣ ነቲ ብኮነትሮባነዳ፣ ካብ ሱዳን ዝሸመቶ ወድዓከር ክዕዶሎም'ኳ እንተፈተነ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣዴታትን ህጻናትን ዝወርድ ንዘሎ ጥምየትን ዓጸቦን ሞትን ሕማምን፣ ፈጺሙ ብኸም'ዚ ክጽግኖ ከም ዘይክእል ምንጪታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም።

ኣብዚ እዋን'ዚ፣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ምዝንባል ኪሊማትን ሰፊኑ ዘሎ ውግእን ወረ ውግእን፣ ሓያል ድርቅን ዓጸቦን የንጸላሉ ብምህላዉ፡ መንግስታት ኢትዮጵያን ከንያን ደቡቡ ሰዳንን ሶማልያን፣ ህዝብና ግዳይ ድርቅን ዓጸቦን ኮይኑ ኣሎ ኢለን ከቃልሓን፣ ሓገዝ ማሕብረ-ሰብ ዓለም ይሓትታ ምህላወን ኩሉ ዝከታተሎ ዘሎ ሓቂ ኢዩ። ስርዓት ኢሳይያስ ግን ይትረፍ ዶ ንህዝብና ሓገዝን ረዲኤትን ንምልጋስ፣ ንሕብረተ ሰብ ዓለት ክሓትት፣ ህዝብና ብጥምያትን ሕሱም ናብራን ይረግፍን ይሳቐይን ምህላዉ እናራኣየ ከይዓጠጦ፣ ኣብ ሃገርና ከምዚ ዓይነት ጸገም ከም ዘየሎ ክዛረብ ይሰማዕ ምህላዉ፣ ክሳብ ክንደይ፣ ኩነታት ህዝብና ዘየገድሶ ስርዓት ምዃኑ ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ካብ'ዚ ናብራ'ዚ ኣብሶም ንምድሓን ዜጋታትና ዓዶም ራሕሪሖም ናብ ሱዳንን ኢትዩጵያን ተገዲዶም ብብዝሒ ይስደዱ ምህላዎም ምንጪታትና ኣረጋጊጾም። እቲ ዝገርም ከኣ፣ ሚንስተር ዞባዊ ምምሕዳር ወልደንኪኤል ኣብራሃ፣ ኣብ ዝሓለፈ እዋን፣ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፣ ንወከልቲ ህዝብን ካድራት ህግደፍን ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ኣኪቡ፣ እዚ ንሃርና ኣንጻላልይዋ ዘሎ ጥምየትን ዓጸቦን፣ ንህዝቢ ሞትን ስደትን የስዕበሎም ኣሎ ክብል መዲሩ ከብቅዕ፣ ስርዓት ህግደፍ ግን፣ ከም'ቲ ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮ ንህዝብና ንምድሓን ዝኾነ ይኹን ግብራዊ ስጉምቲ ዘይምውሳዱ ኢዩ።

ብተወሳኺ፣ ኣብ ኩለን ከተማታት ኤርትራ ዝነብር ህዝብና፣ ብዋሕዲ ማይን፣ መግብን፣ ነዳድን ከምኡ'ውን ኩሉ ዓይነት ሃላኺ ነገራትን፣ ይሳቐ ምህላዉ፣ ኣብተን ከተማታት ካብ ዝርከቡ ኣባላት ግሃድኤ፣ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ። ካሜራ ኣባላትና ኣብ ዝተፈላለየ ዞናታት ከተማ ኣስመራ ብሙዛር፣ ነቲ ኩነታት ዝገልጽ ስእላዊ ጸብጻብ ሊኢኾሙልና። ካብዘን ኣብዚ ስእላዊ ጸብጻብ ዘለዋ፣ ደቂ ኣንስቲዮ፣ ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ብረት ዓጢቐን ምእንቲ ህዝበንን ሃገረንን ዝተቓለሳን ነጻነት ኣብ ምርግጋጽ ግቡአን ዝፈጸማን ጀጋኑ ሓርበኛታት ሎሚ ኣብ ክንዲ ከቢረን ዝነብራን ደቀን ዝናብያን፣ ኣብ ጎደናታት ክልመና ክትሪኢ ከለኻ፣ ኣዚዩ ዘሕዝን ኢዩ። ስርዓት ህግደፍ ግን፣ ሃገርና ንክትባድምን፣ ህዝብና ንክጸንትን





ንርብዒ ዘመን ዝኸውን ስረሓይ ኢሉ ተተሓሒዝዎ ዘሎ ጎደና ጥፍኣት፣ ሃገርና ነበረያ ነበረት ፣ ነበር ኮይና ንከይትተርፍ፣ ነፍሲ ወከፍ ሃገራዊ ፣ ኣብ ምልጋስ እዚ ስርዓት ሃገራዊ ግቡኡ ምዃኑ ፈሊጡ ክቃለስ ኣለዎ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
INORMATION & CULTURAL OFFICE
ensf.info@gmail.com

## ካብ'ዚ ቀጺልና ብካሜራ ኣባላት ግሃድኤ ዝተላዕለ ስእላዊ ጸብጻብ ነቕርበልኩም፡-













ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
09/03/2017